# ካብ 1 ጥሪ (Jan) 2024 ጀሚሩ፤ ዝውሃብ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን (SICK AND SAFE TIME)

## ግዜ ሕማምን ውሕስነትን ኪብሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?



ኣብ ሚኖሶታ፤ ፍቓድ ሕማምን ውሕስነትን ዝብሃል ሓደ ሰራሕተኛ ብገለ ምኽንያት ደሞዝ እናተኸፍሎ በእስራሒኡ ዝውሃቦ ግዜ ዕረፍቲ ወይ ፈቓድ ስራሕ ማለት እዩ። እዚ ድማ ኪሓምም ከሎ፤ ወይ ድማ ካብ ስድርኡ ገለ ሰብ ኪሓምም ከሎ ነቲ ሰብ ንምእላይ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣባል ስድራ ቤቱ ወጽዓ ኣጋጢምዎ ገለ ሓገዝ ከናዲ ምእንታን ካብ ስራሕ ፈቃድ ኪሓትት ከሎ የጠቓልል።

## መን'ዩ ነዚ ብቑዕ ዝኾነ ?

ሓደ ሰራሕተኛ ነዚ ግዜ ሕማምን ውሕስነትን ዝብሃል ፈቃድ ስራሕ ንምርካብ ብቑዕ ዝኸውን፤

- ኣብ ሚኖሶታ ንዝርከብ ኣስራሒ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ብውሑዱ 80 ሰዓታት ዝሰርሐ ኪኸውን ኣለዎ።
- ናጻ በዓል ኮንትራት/ውዕል ኪኸውን የብሉን።

ግዜያውን ብኽፋል( part-time) ዝሰርሑን ሰራሕተኛታት'ውን ነዚ ግዜ ሕማምን ውሕስነትን ዝብሃል ፈቓድ ስራሕ ብቑዕ ኪኾኑ ይኽእሉ። እዚ ግና ኣብዚ ንምእታው ኣድላይ እዩ ንዝተባህለ ኣድላይነታት ኩሉ ዘልግስ ሕጋዊ መልገሲ( valid waiver) ዘለዎ ናቶም ማሕበር ሰራሕተኛታት ህንጻ ንዘለዎም ሰራሕተኛታት ህንጻ ኣይምልከትን እዩ።

## ሰራሕተኛታት፤ ክሳብ ክንደይ ግዜ ፈቓድ ከዋህልሉ ይኽእሉ?

በብዝሰርሑሉ 30 ሰዓታት፤ ናይ ሓደ ሰዓት ዕረፍቲ ሕማም ወይ ውሕስነት እናተኸፍሎም ይረኽቡ፤ እዚ ማለት ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፤ ክሳብ 48 ሰዓታት ከዋህልሉ ይኽእሉ። እቲ ኣስራሓይ ዝያዳ ኪውሃቦም እንተተሰማሚዑ ድማ ዝያዳ ክረኽቡ ይኽእሉ።

## እቲ ኣከፋፍላ ፈቓድ በብኽንደይ ግዜ እዩ ዝኽፈል ወይ ዝውሃብ?

እቶም ሰራሕተኛታት ዝሰርሕሉ ሰዓታት በብሰዓት ተሓሲቡ ኪኽፈሎም ከሎ፤ እቲ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነት'ውን ተሓሲቡ ሽዕኡ በሓባር ይኽፈሎም።

## እቲ ዝውሃብ ፈቓድ ስራሕ ንምንታይ ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ?

ሰራሕተኛታት ነቲ ዝረኽቡዎ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ኣብዘን ዝስዕባ ጉዳያት ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ፡

- ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ ካልእ ኣካላዊ ሕማም ኪሕዞም ከሎ፤ ኪሕከሙ ወይ ድማ እዚ ዓይነት ሕማም ከይሕዞም ገና ብጽኑዕ ክንክን ኰግበረሎም ከሎ
- ካብ ስድርኦም ሓደ፤ ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ ካልእ ኣካላዊ ሕማም ኪሕዞ ከሎ፤ ኪሕከም ወይ ድማ እዚ ዓይነት ሕማም ከይሕዞ ገና ብጽኑዕ ክንክን ኪግበረሉ ምስዘድልዮ
- እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ልዕሊኡ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣባል ስድራቤቱ ዝኾነ ዘቤታዊ ዓመጽ ወይ ድማ ጾታዊ ዓመጽ ኪፍጸም ከሎ ወይ ድማ ገለ ሰብ በቕጻሊ ዝሃድኖ (stalking) እንተኾይኑሞ ካብ ስራሕ ኪተርፍ ዘድልዮ ምስዝኸውን
- ብምኽንያት ኩነታት ኣየር ወይ ብገለ ህጹጽ ኩነታት፤ እቲ ሰራሕተኛ ዝሰርሓሉ ቦታ ወይ ድማ ኣባይቲ ትምህርቲ ወይ ድማ ቆልዑ ክንክን ዝረኽቡሉ ቦታታት ኪዕጾ ከሎ
- እቲ ሰራሕተኛ ናብ ስራሕ እንተመጺኡ፤ እቲ ዝሓዞ ሕማም ናብ ካልኦት ኪመሓላለፍ ወይ ኪላገብ ይኽእል እዩ ኢሉ ማእከል ጥዕና ወይ ሓኪም ክውስን ከሎ

## ካብ ስድራ ቤት ንአየኖት ኣባላት እዩ እዚ ዝምልከት?

ሰራሕተኛታት ነቲ ዘዋህለሉዎ ግዚ ዕረፍቲ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ስድራ ገለ ኪኾኑ ከለው ኪጥቀመሉ ይኽእል፤

1. ደቂ፣ ዘዕብዩ ቆልዓ፤ ዓቢ ቆልዓ፣ እቲ ሰራሕተኛ ብሕጊ ንኽእልዮ ዝተፈቀደሉ ቆልዓ ምስዝኸውን፤ እቲ ሰራሕተኛ ከክንዲ ኣቦን ኣደን ኮይኑ ዝእልዮ ቆልዓ
2. ብዓል ቤት ወይ ድማ ምዝጉብ መጻመድቲ ገዛ
3. ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ደቂ በዓል ቤት፣ ዘዕብዮ ቆልዓ
4. ኣቦን ኣደን፣ ዘዕበይዎ ኣቦን ኣደን ወይ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ቆልዓ ከሎ ከም ኣቦን ኣደን ኮይኖም ዝእልዮ ዝነበሩ ሰባት፣ ሰብኣይ ኣደን ወይ ሰይቲ ኣቦን
5. ደቂ ደቂ፣ ዘዕበዮም ደቂ ደቂ፣
6. ኣባሓጎ ወይ ዓባይ ወይ ድማ ኣባሓጎ ወይ ዓባይ ናይ ኣደ ወይ ኣቦ (grandparent፣ step-grandparent)
7. ደቂ ኣሕዋትን ኣሓትን እቲ ሰራሕተኛ
8. ኣሓት ወይ ኣሕዋት ወለዲ
9. ሰብኣይ ጓል ወይ ሰበይቲ ወዲ
10. ካብ ቁጽሪ 1 ክሳብ ቁጽሪ 9 ተዘርዚሮም ዘለው ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ሰራሕተኛ ወይ ድማ ምዝጉብ መጻመዲ ሰራሕተኛ
11. ዝኾነ ምስቲ ሰራሕተኛ ብደም ዝተኣሳሰር ሰብ ወይ ድማ እቲ ዘለዎም ዝምድና ወይ ምትእስሳር ማዕረ በደም ዝተኣሳሰሩ ኣዝማድ ዝቁጸር እንተኾይኑ
12. ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት በቲ ሰራሕተኛ ዝተወከለ ሓደ ውልቀሰብ

— ይቕጽል —

# ካብ 1 ጥሪ (Jan) 2024 ጀሚሩ፤ ዝውሃብ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን (SICK AND SAFE TIME)

## ኣስራሕቲ፤ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን በዝምልከት ኪፍጽምዎ ዘለዎም እንታይ ካልኦት ተወሰኽቲ ግቡኣት ኣለዎም?

ኣስራሕቲ፤ ሰራሕተኛታቶም 30 ሰዓታት ምስ ሰርሑ ኣብ ልዕሊ ዝህቡዎም ናይ ሓደ ሰዓት ዕረፍቲ፤ ብዓመቱ ዝኽፈሎ ናይ 48 ሰዓታት ዕረፍቲ በተወሳኺ ይህቡዎም

- ክሳብ ሕጂ ክንዲ ምንታይ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ከምዘዋህለሉ፤ ካብቲ ዘዋህለሉዎ ክንደይ ተጠቒሞሙሉ ከምዝኾኑ ዘረድእ ዝርዝር ሓበሬታ በቲ ደሞዞም ዝኽፈሉሉ መዓልቲ ሓቢሩ ይውሃቦም።
- እቲ ሓበሬታ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ቀቅድሚ 1 ጥሪ (Jan.) 2024 — ወይ ድማ ገና ስራሕ ኪቑጸሩ ከለው (ኣየናይ እዩ ድሒሩ ዝመጽእ ኣብ ግምት ብምእታው) — በቋንቋ እንግሊዝን በቲ ሰራሕተኛ ዝዘረቦ ቋንቋን ተተርጊሙ ኪውሃቦም ኣለው
- እቲ ኣስራሒ፤ ንሰራሕተኛታቱ ዝህቦም መግለጺ ዝርዝር ስራሕ ዘለዎ ናይ ኢድ መጽሓፍ ኣዳልዩ እንተኾይኑ፤ እዚ ዝርዝር መግለጺ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ኣብቲ ናይ ኢድ መጽሓፍ ኪጠቓለል እዩ።

ክፍሊ ስራሕን ኢንዱስትሪን ሚኖሶታ (Minnesota Department of Labor and Industry) ድማ ኩሎም ሰራሕተኛታት ኪጥቀሙሉ ዝኽእሉ፣ ሓደ ዓይነት ሓበሬታ ዘለዎ መዘኻከሪ፤ ኣብ ሚኖሶታ ብዝዝውተሩ ሓሙሽተ ቋንቋታት ተርጉሙ ኪቕርበሎም እዩ።

## ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ጥቅሚ ከባቢ ዝውዕል ዘሎ ሕግታት ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን

እዚ ሕግታት ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ክሳብ ሕጂ ኣብ ከተማታት ብሉሚንግተን (Bloomington)፣ ደሉት (Duluth)፣ ሚኒያፖሊስ (Minneapolis)ን ሴንት ፖልን( St. Paul)፤ ሚኖሶታ(Minnesota) ኣብ ስራሕ ውዒሉ ኣሎ። እዚ ፍቓድ ሕማምን ውሕስነትን 1 ጥሪ (Jan.) 2024 ኣብ መላእ ሚኖሶታ ኣብ ስራሕ ኪውዕል ከሎ፤ ኣስራሕቲ ነቲ ንሰራሕተኛታቶም ዝምልከት ኩሉ ሕግታት ኣብ ግብሪ ከውዕሉ ትጽቢት ይግበረሎም።

**ግዜ ሕማም**
ንኩነታት ኣካላዊ ወይ
ድማ ሓንጎላዊ ጥዕና፤
ሕማማትን ወይ ድማ
ጉድኣትን

**ግዜ ውሕስነት**
ሕቶ ዘቤታዊ ዓመጽ/
መጥቃዕቲ ወይ ድማ ጾታዊ
መጥቃዕቲ ወይ እናተኸታተልካ
ምህዳን (stalking)
ንምምላስ

DEPARTMENT OF
LABOR AND INDUSTRY
Labor Standards • 443 Lafayette Road N. • St. Paul, MN 55155
651-284-5075 • 800-342-5354 • dli.mn.gov • dli.laborstandards@state.mn.us

መዘኻኸሪ፡ እዚ ሓጺር መግለጺ ሕጊ ሚኖሶታ እዩ። ከም መምሪሒ ኪሕግዝ ተባሂሉ ዝተዳለወ ድኣ እምበር፤ መተካእታ ሕማምን ውሕስነትን ፈቓድ ቀንዲ ሕግታት ሚኖሶታ ኣይኮነን።

Version 060723